# መዝሙር እምነት 237 ደ ስ ኢ ሉ ኒ

1. ደስ ኢሉኒ የሱስ ናተይ’ዩ፡
   ተሓጉሰ ጸርየ ሓጥያተይ፡
   ባህ ኢሉኒ ኣብ ሕቑፊ የሱሰ።
   ቀሲነ ወትሩ አዕርፍ።

2. ከም የሱሰይ ክእዘዝ እየ።
   ንስድራይ ከሐጉስ እየ።
   ኣብ ኩሉ ኣብ ዝኸድክዎ፡
   ዛንታ የሱስ አዘንትዎ።

3. ደስ ክብሎም ምስ ፍትው የሱስ፡
   ቀሲኖም ኣብኡ ክዓርፉ፡
   ንኹሎም ሕጻናት ዓደይ፡
   ክሕብር ፍቕሪ የሱሰይ።

# መዝሙር እምነት 238 ክምለስ እዩ መድሓንየይ

1. ቆላሕ እንተበልኩ እርኢ ዎ ኀይታ፡
ክፍጸም ዘልካዮ ኩሉ ጽሑፋት፡
ምድሪ ንዓጺድ ቀሪባ እያ፡
ክፍለ ስርናይ ካብ ክርዳድ።

ተደጋሚ፡- ክምለስ እዩ መድሓንየይ፡
ክወስደኒ ናብ ዘልኣለም ዓደይ።
ክምለስ እዩ መድሓንየይ፡
ክንደይ ደስ ይብሎ ልበይ።

2. ካብ ምስራቕ ምዕራብ ካብ ሰሜን ደቡብ፡
ዘዕርፉ ዘለዉ ደቂ ክእክብ፡
ንብዓት ክደርዝ ልቢ ከህድእ፡
ወይ ግሩም ክንደይ ጥዑም ዕድል።
*ተደጋሚ፡-*

3. ዎ ኣማኒ ቋሕ ኣብል ዓይንኻ፡
ጊዜ ምድሓንካ ቀሪቡ እዩ ኣጆኻ፡

ጽናዕ ትባዕ ቀጥ በል ኣብ እምነትካ፡
ክምለስ እዩ መድሓኒኻ።
<u>*ተደጋሚ፡-*</u>

4. ኣብዚ ኽፋእ መወዳእታ እዋን፡
ሓግዝ ደቅኻ ስምካ ንምእማን፡
ከም ኩሎም ዝሓለፉ እሙናት፡
ጻጋ ሃብ ኣሰሮም ንምስዓብ።
<u>*ተደጋሚ፡-*</u>

# <u>መዝሙር እምነት 239 ምግላጽ ጎይታና</u>

1. ምግላጽ ጎይታና ወጋሕታ ይኹን ጽባሕ፡
ብብርሃን ጸሓይ ምስ ተቐንጠጠ ጸልማት፡
ክርስቶስ ብኽብሪ ብግርማ ክመጽእ'ዩ፡
ክቕበል ንጥሪቱ።

<u>ተደጋሚ</u>
ዎ ተበጃዊና፡ መኣስ ክንጭድር እልልታ፡
የሱስ ክርስቶስ ክምለስ'ዩ ክምለስ'ዩ፡
ኣሜን፡ ሃሌሉያ፡ ኣሜን።

2. ምግላጽ ጎይታና ቀትሪ ይኹን ወይ ምሸት፡
ኣይንፈልጥን ብብርሃን ይኹን ጸልማት፡
ኩሉ ከብርህ ብኽብሪ ምንጽብራቑ፡

የሱስ ክግለጽ እዩ።

*ተደጋሚ፡-*

3. ሆሳእና ይብሉ ኩላቶም ሰራዊቱ፡
ምስ ኩሎም ጻድቃን ኩላቶም መላእኽቱ፡
ብኽብሪ ዘንጸባርቕ ገጹ ክርእዩ፡
ኩላቶም ቅዱሳኑ።

*ተደጋሚ፡-*

4. እልልታ ክኸውን ጭድርታ ክንሰምዕ፡
በቶም ሞት ዘየርከቦም ጥሪት ናይ ክርስቶስ፡
ሕማም ኣብ ዘየልቦ ሞት'ውን ኣብ ዘየርክቦ፡
ናብ ክብሪ ክኣትዉ'ዮም።

*ተደጋሚ፡-*

# መዝሙር እምነት 240 የሱስ ክምለስ'ዩ ብኽብሪ

1. የሱስ ክምለስ'ዩ ብኽብሪ ብኡዶ ትሕጎስ፡
ይወጽእ ብግርማ ክገዝእ ዝሞተ ኣብ መስቀል፡
እተበጀዎም ብደሙ ዝደሓኑ ዝጸረዩ፡
ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ ብኡ ክሕጎሱ።

ተደጋሚ፡ ክብሪ ክብሪ፡ ክሕጎስ ልብና፡
ሃሌሉያ፡ ከነንግሶ ኢና።
ክብሪ፡ ክብሪ፡ መገዱ
ኣቕንዑ፡
ሃሌሉያ፡ የሱስ ክምለስ'ዩ።

2. ሓይሊ ናይ ጸልማት ክስዓር'ዩ ኣሜን ይኹነልና፡
ንብዓትና ክድረዝ ብጎይታ ኣሜን፡ ሃሌሉያ።
ቅዱሳን ክትንስኡ ክቀባበሉ ጎይታና፡
ገጽ ንገጽ ምስ ተረኤና ክንውድሶ ኢና።
*ተደጋሚ፡-*

3. እሙናት ኾይንና'ዶ ንጸንሖ ሎሚ እንተመጸ፡
ንምምላስ ንጉስና ብተስፋ ነ�ዊሕና ክንጽበ፡
ትእምርትታት ምጽኣቱ ብብዝሒ ይግለጽ ኣሎ፡
ተመልከት ከም ዝቐርበ ቃል ኣምላኽ ከም ዝበሎ።
*ተደጋሚ፡-*

## መዝሙር እምነት 241 የሱስ ክምለስ'ዩ መርዓቱ ክወስዳ

1- ብመለኾት ኣምላኽ የሱስ ክምለስ'ዩ፤
ብኡ ዝደቀሱ ምስኡ ከምጽኦም'ዩ።
ብእምነት ዝጸንሑ ኩላቶም እሙናት፡

ናብኡ ክስሕቦም'ዩ ብሓደ ንምኺን።

ተደጋሚ፡ የሱስ ክምለስ'ዩ መርዓቱ ክወስዳ
ክብሪ ሃሌሉያ፡ ክንደይ ብሩኽ ተስፋ።

2. ብሩኽ መንፈስ ቅዱስ ወትሩ ዝሓለዋ፡
ብዘይ መንቅብ ዕጣር ንየሱስ ይህባ፡
ካብዚ ተበጊሳ እምንቲ መርዓቱ፡
ምስ የሱስ ጎይትኣ ናብ ሰማይ ትኣቱ።
*ተደጋሚ፡-*

3. ኣምላኽ ዝመቕደሳ የሱስ ዝብርሃና፡
ሓዳስ የሩሳሌም ትኸውን ገንዘባ፡
ኣብኡ ምስ ዓረፈት ኣብ ናይ ሓጎስ ቤታ፡
ዘልኣለም ትነብር ካብ ስቓይ ዓሪፋ።
*ተደጋሚ፡-*

4. እልል በል ተሓጎስ ናይ ጎይታ ዝኾንካ፡
የሱስ ክምለስ'ዩ ዓቢ'ዩ ተስፋኻ።
ኣንቃዕርር ናብ ላዕሊ ኣይትድፋእ ርእስኻ፡
የሱስ ክምለስ'ዩ ምስኡ ክወስደካ

*ደ.ኣ*

# መዝሙር እምነት 242 ንየሱስ ክንርእዮ ኢና

1. ምድራዊ መገሻ ምስ ወዳእናዮ፡
   ንየሱስ ክንርእዮ ኢና፡
   'ታ ብርኽቲ ጽባሕ ምስ በጻሕናያ፡
   ንየሱስ ክንርእዮ ኢና።

ተደጋሚ፡- ንየሱስ ክንርእዮ ኢና (2)
ኵልና 'ብ ዙፋኑ ምስ ተጸዋዕና፡
ንየሱስ ክንርእዮ ኢና።

2. ስቓይ ወዲእና ቃንዛ ረሲዕና፡
   ንየሱስ ክንርእዮ ኢና፡
   ንዘልኣለም ምስኡ ክንነግስ፡
   ንየሱስ ክንርእዮ ኢና።
   *ተደጋሚ፡-*

3. ጻላኢ ስዒርና ዓወት ረኺብና፡
   ንየሱስ ክንርእዮ ኢና፡
   ውግእ ምስ ወዳእና ዓወት ረኺብና፡
   ንየሱስ ክንርእዮ ኢና።
   *ተደጋሚ፡-*

4. ምስ ኩሎም ሰማእታት ምስ ኩሎም ጻድቃን፡
   ንየሱስ ክንርእዮ ኢና፡

ናጻ ካብ ድኽነት ናጻ ካብ ዕርቃን፡
ንየሱስ ክንርእዮ ኢና።
*ተደጋሚ፡-*

ጸ.ይ

# መዝሙር እምነት 243 ኣምላኽ ይደርዞ ንብዓትና

1. ናብ ሰማይ ኬድና ጾርና ምስ ደርበና
ኣምላኽ ይደርዞ ንብዓትና።
ምስ ኩሎም ጻድቃን ኣብኡ ምስ ሓበርና፡
ኣምላኽ ይደርዞ ንብዓትና።

*ተደጋሚ፡-* ኣምላኽ ብፍቕሪ ክደርዝ'ዩ ንብዓትና
ሓጎስ ይኸድኖ ፍርህና፡
ኣብ ዝፋን ክብሪ ገጹ ምስ ርኤና፡
ኣምላኽ ይደርዞ ንብዓትና።

2. ደጌታት ናይ ክብሪ ምስ ተኸፍተልና፡

ኣምላኽ ይደርዞ ንብዓትና።

ገጽ ኅይታ የሱስ ሽዑ ምስ ርኤና፡

ኣምላኽ ይደርዞ ንብዓትና።

*ተደጋሚ፡-*

3. ምስ ኩሎም ኣሕዋት ብሓደ ምስ ኮንና፡

ኣምላኽ ይደርዞ ንብዓትና።

ዝፈሊ የልቦን ዘቑርር ሙቐትና፡

ኣምላኽ ይደርዞ ንብዓትና።

*ተደጋሚ፡-*

ደ.ኣ

# መዝሙር እምነት 244 ክርእዮ'የ ክርእዮ'የ

1. ገድላይ ምስ ተወድኤ ማዕበል ዓለም ሰጊረ፡

   ድሙቕ ብርሃን ክርኢ'የ ምስ ወግሐ፡

   ክርእዮ ንመድሕነይ ፍሕሽውታኡ ትጽቢተይ፡

   ክበጽሕ ናብታ ብርኽቲ ቤት ኣቦይ።

<u>ተደጋሚ፡-</u> ክርእዮ'የ/2/

ድሒነ ምስ ቆምኩ ቅድሚኡ
ክርእዮ'የ ክፈልጦ'የ፡
ምስ ርኤኹ በሰላ ናይ ኢዱ፡

፡

2. ነፍሲ ዝዕዝም መልክዕ ምስ ርኤኹ ኣብ ላዕሊ፡
ፈገግታ ገጹ ዘንጸባርቐ ዓይኒ፡
ብሓጎስ ከመስግኖ ስለ ጸጋ ምሕረቱ፡
ቤት ኣብ ሰማይ ንኹሉ ኣዳልዩ።

*<u>ተደጋሚ፡-</u>*

3. ናብ ክብሪ ዝሓለፉ ፍቁራት የድህዩኒ፡
ናብ ሃገሮም ክሰግሩ ትዝ ይብሉኒ፡
ናብ ሩባታት ናይ ኤደን ብመዝሙር ተቐቢሎም፡
ገጽ መድሕነይ ክርኢ ክሕወሶም።

*<u>ተደጋሚ፡-</u>*

4. ጻዕዳ ልብሲ ዘይዕጣር ተኸዲነ ክኣትዎ፡
ክመርሓኒ ትካዜ ኣብ ዘይርክቦ፡
እልልታ ፍጹም ሓጎስ ክኸውን ኣብ ቤት ኣቦ፡
ክርእዮ ገጽ የሱሰይ ዝናፍቖ።

*<u>ተደጋሚ፡-</u>*

*ኣ.ሓ*

# መዝሙር እምነት 245 ስመይ ክጽዋዕ ከለኹ

1. መለኸት ጎይታ ክንፋሕ ግዜ'ውን እንክፍጸም፡
   የሱስና ብኽብሪ ክግለጽ እዩ፡
   ዝደሓኑ ኣብ ሰማይ ቅድሚ ኣምላኽ ክእከቡ፡
   ስመይ ክጽዋዕ ክርከብ'የ ኣብኡ።

ተደጋሚ፡- ስመይ ክጽዋዕ ከለኹ፡ /3/
ስመይ ክጽዋዕ ክርከብ'የ ኣብኡ።

2. በታ ብርሀቲ ንግሆ'ቶም ምዉታት ክትንስኡ፡
   ክብሪ ለቢሶም ንየሱስ ክመስሉ፡
   ኩሎም ሕሩያት ክእከቡ ናብ ላዕላይ ቤቱ፡
   ስመይ ክጽዋዕ ክርከብ'የ ኣብኡ።
   ተደጋሚ፡-

3. ካብ ብጊሓት ጀሚርና ከነዘንቱ ኢና፡
   ከነገልግሎ ነቲ ዘፍቀረና፡
   ምድራዊ ዕዮ ፈጺምና ክንኣቱ ናብታ ቤትና፡
   ስምና ክጽዋዕ ናተይ'ዮም ክብሉና።
   ተደጋሚ፡-

ሓ.ሓ

# <u>መዝሙር እምነት 246 ክብርቲ መዓልቲ ‘ላ</u>

1. ግዜ ይመጽእ ኣሎ ልቢ ዘይሓዝነሉ፡
   ደበና ምስ ሃጽፊ ንብዓት’ውን ዘይብሉ፡
   ኣብቲ ወርቃዊ ምድሪ ጫውጫው ዘይስምዓሉ፡
   ዓቢ ሓጎስ ክኸውን እዩ።

<u>ተደጋሚ፡-</u> ክብርቲ መዓልቲ’ላ ንክርስቶስ ዝርእየላ፡

ነቲ ብጸግኡ ዘድሓነኒ ዝሰግደላ፡
መሪሑ ዘእትወኒ ኣብቲ ሃገር ተስፋ፡
ከመይ ዝበለት መዓልቲ’ያ።

2. ሓዘን የልቦን ጭንቀት ብኸያት የልቦን መልቀስ፡
   ሕማም የልቦን ሕሜት ስስዔ ምስ ቅትለት፡
   ምስቲ ዝሞተለይ ክነብር’የ ንዘልኣለም፡

ዓቢ ተስፋ'ሎኒ ዘይጥለም።

*ተደጋሚ፡-*

3. ኣብኡ ሞት የልቦን ቃንዛ፡ ድኻም የልቦን ውርደት፡
ጥሜት የልቦን ጽምኣት፡ ምልኣት'ዩ የልቦን ስእነት፡
እቲ ፈዋሲ ጎይታ ምሳና ይነብር፡
ዓቢ ተስፋ'ሎና ዘይጥለም።

*ተደጋሚ፡-*

## መዝሙር እምነት 247 ሓዳስ የሩሳሌም

1. ሓዳስ የሩሳሌም'ዶ ትርኢ፡
ክትወርድ ከላ ካብ ሰማይ፡
ኣምላኽ መራሒኣ መንግስቲ፡
ናትካ ትኹን ክቡር ሓወይ።

*ተደጋሚ፡-* ተጸበ፡ ተስፋ ጌርካ
ኣይትድከም፡

መጸት እታ ሓዳስ የሩሳሌም፡

ኣብኡ ምስ ኲሎም ቅዱሳን

ጎይታ፡

ክትሕጎስ ትነብር ዘልኣለም።

2. ዮሃንስ ቅድሜኻ ርእዩዋ፡

ዘንጸባርቕ ሕብሪ ኣለዋ፡

ተስፋ ጌርካ ጉየ ክትኣትዋ፡

እሙን መራሒ ኣለዋ።

*ተደጋሚ፡-*

3. ተሰሊማ ተዳሊያ እያ፡

ክትእከብ ወረስታ ኲሎም፡

ከይተምልጠካ'ዛ ከተማ

ንሕሩያታ ሕበሮም።

*ሺ.ገ*

## መዝሙር እምነት 248 ጎይታ ምስ ጸውዔ ምስኡ ክወስደካ

1. ዓያሱ ደናግል ኅይታ ክቕበላ፡
ቀንዴል ብዘይ ዘይቲ ተማሊኦን ከዳ።
ስለ ዘይነበራ ኅይታ ምስ ጸውዐ፡
ንድሕሪት ተረፋ ማዕጾ ምስ ተዓጽወ።

<u>ተደጋሚ፡</u> ኅይታ ምስ ጸውዐ ምስኡ ክወስደካ፡
ብሩኽ መንፈስ ቅዱስ ኣሎዶ ምሳኻ፡
ምስተን ለባማትዶ ምስ ዓያሱ ኢኻ፡
ብልብኻ ሕሰብ ኣበይ'ዩ ስፍራኻ።

2. ለባማት ደናግል ኅይታ ክቕበላ፡
ኣብ ጢናኤን ዘይቲ ተማሊኤን ከዳ፡
ብርሃነን ደሚቑ ኅይታ ምስ ጸውዓ፡
ናብ መርዓ ኣተዋ ቀናዲለን ሒዘን።
<u>ተደጋሚ፡-</u>

3. ፍርቂ ለይቲ ኮይኑ ኅይታ ምስ ተገልጸ፡
ምስኡ ክኣቱ'ዩ ነቒሑ ዝጸንሐ፡

ብጸሎት ብቓሉ ንቑሕ ኩን ዎ ሓወይ፡
ምስ መጸ ክብለካ “ እቶ ናብ ሓጎሰይ”።

ደ.ኣ

## <u>መዝሙር እምነት 249 ጎይታ ምስ ጸውዐ ክጸባጸበካ</u>

1. እቲ እሙን ባርያ ዓቕሙ ምስ ተዋህበ፡
   ብሉብሉ ከይዱ ብእኡ ነገደ።
   ብእምነት ብሓጎስ ተጊሁ ምስ ከደ፡
   ኣብቲ እተዋህቦ ካልኦት ወሰኸ።

<u>ተደጋሚ፡-</u> ጎይታ ምስ ጸውዔ ክጸባጸበካ፡
መኽሊትካ ኣሸሪፍካ’ዶ <u>ምተረኸብካ፡</u>
ምስቲ ሕያዋይ’ዶ ምስቲ ሃካይ ኢኻ፡
ብልብኻ ሕሰብ ኣበይ’ዩ ስፍራኻ።

2. እቲ ሃካይ ባርያ ዓቕሙ ምስ ተዋህበ፡
ወርቂ ናይ ጎይታኡ ኩዒቱ ቀበረ፡
ብትህኪት ብዛሕሊ ስለ ዝደንዘዘ፡
ናብ ወጻኢ ጸልማት ንወትሩ ተደርበ።

*ተደጋሚ፡-*

3. ብዘይሓሰብካዮ መዓልቲ ምስ መጸ፡
እንታይ’ዩ መልስኻ ምስ ተጸባጸበ፡
ስለ ዝፈራህኩ መኽሊተይ ቀቢረ፡
ወይ እንሆ ጎይታ ካልኦት ረቢሐ።

*ተደጋሚ፡-*

ደ.ሳ

## መዝሙር እምነት 250 ክርስቶስ ብኽብሪ ክፈርድ ምስ መጸ

1. ጎይታ ከምዚ ይብል ኣብ የማን ዘለዉ፡
ዝተዳለወልኩም መንግስቲ ውረሱ፡
ዓሪቐ፡ ሓሚመ፡ ጠምየ፡ ምስ ጸማእኩ፡

ገይሽ፡ ተኣሲረ፡ በጻሕኩም ኣርሃውኩም።

*ተደጋሚ፡-* ክርስቶስ ብኽብሪ ክፈርድ ምስ መጸ፡
ሓጥኣንን ጻድቃንን ምስ ፈላለየ።
ንስኻኸ ሓወይ ኣበ'ዩ ወገንካ፡
ምስቶም እሙናትዶ ምስ ርጉማት
ኢኻ።

2. ጎይታ ከምዚ ይብል ኣብ ጺጋም ዘለዉ፡
ናብ ዘልኣለም ስቓይ ካብ ቅድመይ ርሓቑ፡
ዓሪቐ ሓሚመ ጠምየ ምስ ጸማእኩ፡
ገይሸ ተኣሲረ ፍቕርኹም ዓጸኹም።
*ተደጋሚ፡-*

*ደ.ሓ*

# <u>መዝሙር እምነት 251 ናፊቐ ኣሎኹ ክርኢ መድሕነይ፡</u>

1. ካብዛ ምድሪ ስደት ናይ ዘልኣለም ዓደይ፡
   በጺሓ ክትርኢ ሃረር ትብል ነፍሰይ፡
   መዋርስቲ የሱስ ኢየ ወራሲ ኣብ፡
   ኣየ ብጹእ ዕድል እዚ ኹሉ ንኣይ።

   <u>ተደጋሚ፡-</u> ናፊቐ ኣሎኹ ክርኢ መድሕነይ፡
   ክዝምር ምስ ጻድቃን ኣብ ብሩኽ ሃገረይ፡

2. ካብዛ ምድሪ ጽበት የሱስ ኣብ ዘለዎ፡
   ናፊቐ ኣሎኹ ቀልጢፈ ክበጽሖ፡ ሓዘን ፡
   ጫውጫው፡ ጻዕሪ፡ ሽጋር፡ ወይስ ወዮ፡
   ህዱእ እዩ ርስተይ ከቶ ነይርከቦ።

   <u>ተደጋሚ፡-</u>

3. ኣምላኽ'ዩ መቕደሳ የሱስ'ዩ ብርሃና፡
   ብሩኽ መንፈስ ቅዱስ ክብሩ'ዩ ጽላላ፡
   ብእምነት ዝሞቱ ቅዱሳን ወረስታ፡
   ብሂገ ኣለኹ ነፊረ ክኣትዋ።

   <u>ተደጋሚ፡-</u>

4. ዎ የሱስ ርድኣኒ ኣይትፈለየኒ፡
ብኢድካ መሪሕካ ርስተይ ኣውርሰኒ፡
ካብ ጸላኢ ነፍሰይ ብጸጋ ብተስፋ፡
ዝሃብካኒ ርስቲ ብዓወት ክወርሳ።
*ተደጋሚ፡-*

ደ.ኣ

# መዝሙር እምነት 252 የሱስ ክምለስ እዩ ዓቢ'ዩ ተስፋና

1. ካብ ሩባ ናይ ብኽያት ካብ ጸልማት ምድርና፡
ትዓርፍ ነፍስና ኣብ ሑቕፊ ኣምላኽና፡
ሓዘንና ጓሂና ኩሉ ፈተናና፡
ክውዳእ'ዩ ሽዑ ገጹ ምስ ርኤና።

ተደጋሚ፡- የሱስ ክምለስ እዩ ዓቢ'ዩ ተስፋና
የሱስ ክምለስ እዩ ምስኡ ክወስደና።

2. ናብ ፍቕርቲ ሃገር ምስኡ ክወስደና፡
ናብ ህላውነቱ ናብ ሓጎስ ብጽእና፡

ኣብኡ ምስ በጻሕና ምስ ኩሎም ፍቑራት፡
ቅዱስ ቅዱስ ኢልና ንውድስ ንኣምላኽ።

*ተደጋሚ፡-*

3. ንቕድሚት ንግስግስ'ና ተጸናናዕና፡
ኣርማ ናይ ምድሓንና ቅድሜና ኣምሪሕና፡
ንዝደሓንናሉ ክቡር ስም የሱስና፡
ኣኽቢርና ንሓዞ ክሳዕ ዝመጸና።

*ተደጋሚ፡-*

4. ርድኣና ዎ የሱስ ብፍቕሪ ብእምነት፡
ክንነብር ጸኒዕና ክሳዕ እትምለስ፡
ደሚቑ ብርሃንና ነጺሁ ልብስና፡
ብጸሎት ብቓልካ ክንጸንሕ ነቒሕና።

ደ.ኣ

# መዝሙር እምነት 253 ክንደይ ዓቢ ተስፋ ዝናፈቕ

1. ነፍስና ካብዛ ጸልማት ምድሪ፡ ትዓርፍ ኣብ ናይ ኣምላኽ ሑቕፊ፡

ካብ ሓዘን ጓሂ ኩሉ ሰኣን፡ ኣብ ጻዕሪ ዘይብሉ ብሩኽ መኻን፡

ነፍስና ኣብኡ ምስ ዓረፈት ይበዝሓልና ሓጎስ ቅሳነት፡

ኣየ ክንደይ ዓቢ ተስፋ'ዩ መዘና ዘይርከቦ እዩ።

ተደጋሚ፡- ክንደይ ዓቢ ተስፋ ዝናፍቕ

የሱስ ናብ ደቁ ክምለስ፡፡ /2/

2. ምስ የሱስ ዝሞተ ስሌና ምስ ኩሎም ፍቑራት ኣሕዋትና፡

ኣብ ህላውነት ናይ ኣምላኽና ንዘልኣለም ክንሕጎስ ኢና፡

እነሕልፎ ኩሉ ፈተና ኣይወዳደሮን ርስትና፡

ኣየ ክንደይ ዓቢ ተስፋ'ዩ ፍጹም ዘይርከቦ መዘና።

*ተደጋሚ፡-*

3. ክንፍጽም ዝሃብካና ሕድሪ፡ ዘማሕጸንካና ኣብዛ ምድሪ፡

ብጸሎት ብቓልካ ነቒሕና፡ ክንጽበ ክሳዕ ትመጸና።

ተስፋኻ ዘይትኾልፍ ኣምላኽ፡ ወርትግ ኣይትፈለ ካባና፡

ክሳዕ ትመጽእ መፍቀሪና ክንጽበ እሙናትካ ኮይንና።

*ተደጋሚ፡-*

ደ.ኣ

# <u>መዝሙር እምነት 254 ዓሰቢ ውልድነትና</u>

1. ብኸያት ሓዘን ጓሂ እህህታ ዘይብላ፡
   ብእምነት ዝሓለፉ ጻድቃን ዘዕርፉላ፡
   ቅሳነት ሰላም ሓጎስ ፍቕሪ ዝገዝኣላ፡
   ሓዳስ የሩሳሌም የሱስ ዝነግሰላ።

   *ተደጋሚ፡-* ተስፋና ዓሰቢ
   ውልድነትና፡
   ድሕሪ ሞት ርስትና፡
   የሩሳሌም ከተማ ኣምላኽና።

2. ብርሃን እቲ ገንሸል ኣድሚቑ ኣብሪሁላ፡
   ቅድስቲ ከተማ ጸልማት'ውን ዘይብላ፡
   መታን ክትቅበሎ ክብረት ናይ ህዝብታት፡
   ምልእቲ ከተማ ክፍትቲ ደጌታት።
   *ተደጋሚ፡-*

3. ጉሓፍ ዓለም ኮይኖም መከራ ዝጾሩ፡
   ኣብዚ ዝሓሰሩ ኣብኣ ግን ክኸብሩ፡
   ንብዓቶም ክድረዝ ካብ ጻዕሮም ክዓርፉ፡
   ስደት መከራኦም ክርእይዎ ሓሊፉ።

*ተደጋሚ፡-*

4 ንስቓይ‘ዚ ዘመን መታን ክንዕገሶ፡
ፈተናታት ሰይጣን ብጽንዓት ክንጥሕሶ፡
ምኽንያት ምጽናዕና ሃገር ናይ ኣምላኽና፡
የሩሳሌም እያ መኻን ዕረፍትና።

*ተደጋሚ፡-*

ዑ.ሃ

# መዝሙር እምነት 255 ብህይወት ክነብር

1. ካብ ኣምላኽይ ርሒቐ ብፍቓድ ርእሰይ ከይደ፡
ብሰይጣን ተመሪሐ ብሓጢኣት’ውን ዓቢደ፡
እንታይ እሞ ረኺበ በዚሑ እምበር ውርደተይ፡
እእመኖ ሓጢኣተይ ምሓረኒ ዎ ኣቦይ፡
እእመኖ በደለይ ምሓረኒ ኣምላኽይ።

ተደጋሚ፡- ብህይወት ክነብር መታን ክከኣለኒ፡
ካብ ኣርያም ዎ ኣምላኽይ ምሕረትካ ይውረደኒ፡
ሃዲኤ ንኽነብር ንስኻ ኣብ ዝበልካኒ፡
ኣብ ሕቡእ ዎ ኣምላኽይ ጥበብካ ምሃረኒ።

2. ብስስዐ መሊኤ ብፍቓደይ ተንሲኤ፡
ሃበኒ ውን በልኩኻ ‘ቲ ዝብጻሓኒ ግደ፡
ምስ ሃብካኒ ኩሉ ናብ ርሑቕ ሃገር ከይደ፡
ብዕብዳን ዘሮኹዎ ኩሉ’ውን ተወድአ፡
ምሓረኒ ኣምላኽይ ንብዓተይ ርኤ።

*ተደጋሚ፡-*

3. ኣብ ቅድሜኻ ኣምላኸይ ሓጢኣት እናገበርኩ፡
ከም ጥፍእቲ በጊዕ ካብ ቤትካ እናበረርኩ፡
ምስ ዓለም ምትህልላኸ ፍጹም ነይጠቐመኒ፡
ርድኣኒ ዎ ኣምላኸይ ንስኻ ትበልጸኒ፡
ቅረበኒ ኣምላኸይ ንኣይ ከሕሽኒ።

*ተደጋሚ፡-*

4. ከም ፍቓድካ ክነብር መታን ክከኣለኒ፡
ካብ ኣርያም ዎ ኣምላኸይ ጸጋኻ ዓድለኒ፡
ብመንፈስካ ዝምራሕ ህይወት ክህልወኒ፡
ሕድርኻ ዎ ኣምላኸይ ጥበብካ ምሃረኒ።

*ተደጋሚ፡-*

5. ኣብ ሓጎስ ዝመልአ ቤትካ ክነብር ምሳኻ፡
ፍቓድካ እንዳ ገበርኩ ቃልካ እናንበብኩ፡
መዝሙር እናዘመርኩ ክነብር ምስ ኣሕዋተይ፡
ይኹን ፍቓድካ ጎይታ እዚ'ዩ ድሌት ልበይ፡
ፍጹም ኣይጠራጠርን ከም ትምልስ ጸሎተይ።

*ተደጋሚ፡-*

# መዝሙር እምነት 256 ብጺሒተይ ሒዘ ርሒቐ ካባኻ

1. ቅለትን ዕብዳንን ዓለም ኣዳልያ፡
ብጊዝያዊ ክብረት ካብ ኣምላኸይ ፈልያ፡
ድኻ (ከንቱ) ገይራትኒ ዘሎኒ ኣጥፊኣ፡
ዓለም ፍለጥዋ መሪር'ዩ ፍሬኣ ። /2/

ተደጋሚ፡-ብጽሒተይ ሒዘ ርሒቐ ካባኻ፡
ምዉቕ መሲሉኒ ኩሉ ከም ደምቤኻ፡
ዘሎኒ ኣጥፊኡ ምናምን ገይሩኒ፡

ሕጂ ግን መጺኤካ ባርያኻ ክትገብረኒ።

2. ባህርየይ ኣጥፊኤ ከም እንስሳ ኮይነ፡
ንቛርፍ ክጽበ ዝበልዖ ስኢነ፡
ውሉድ ካብ ምዃንሲ ባርነት መሪጸ፡
ሓራ ከውጽኣኒ ወዲ ኣምላኽ መጸ።/2/
ተደጋሚ፡-

3. እንከይበደለኒ ኣይደልየካን ኢሉ፡
ብብዝሒ ሕንቓቕ ካብ ቤቱ ኮብሊሉ፡
ምሕረት ግበረለይ ንኣኻ በዲለ፡
ምስ-በልኩ ደንገጸ ንህይወተይ መሓረ።/2/
ተደጋሚ፡-

4. ሞይቱ ኔሩ ሓውዩ ጥፉእ ተረኺቡ፡
ክዳን ክደንዎ ዝስተ ቀርቡ፡
ኢሉ ምስ ኣዘዘ ሓጎስ ኰነ ቤቱ፡
ምስጋና ተሰምዔ ካብቶም ኣገልገልቱ።/2/
ተደጋሚ፡-

5. ምስ ሓጢኣተይ እዩ ንኣይ ዝቐርበኒ፡
ኣይኮነን ምስ ጽድቀይ ኣምላኽ ዝፈልጠኒ፡
ብብዝሒ ምሕረቱ ክሳዕ'ዚ መሪሑኒ፡
ብዛዕባ ዝመጽእ እሙን ተስፋ ኣሎኒ። /2/

ተደጋሚ፡-　　　　　　　　　　　　　　　　　ዑ.ሃ

# <u>መዝሙር እምነት 257 ሓጥያተኛ እየ እኣምን በደለይ</u>

1. ሓጢኣተይ ከም ቆጽሊ የቐምሰለኒ፡
   ኣበሳይ ከም ንፋስ ይብቁጸኒ፡
   ብዘሎ ጽድቀይ ከም ጽዩቕ ክዳን፡
   ገለ የብለይን ዝተረፈ ደሓን።

   *ተደጋሚ፡-* ሓጥያተኛ እየ እኣመን በደለይ፡
   ኣብ ቅድሜኻ እድርበ ይቕረ ክትብለለይ

2. ንፍቓድ ስጋይ እናተገዛእኩ፡
   ንግብሪ ረሲኣን ርእሰይ ዝወፈኹ፡
   እዚ ብምግባረይ ንኣኻ ዘጉሄኹ፡
   ይቕረ በል ሓጢኣተይ እእመን ኣለኹ።
   *ተደጋሚ፡-*

3. ኣይገብሮን እየ ኢለ ዝሓረምኩዎ፡
   ኣይጠቕመንን'ዩ ኢለ ዝገደፍኩዎ፡
   መሊሰ ብድኻም ኣብኡ ክርከብ፡
   ኣይትሕደገኒ ብሓጥያት ክኸብከብ።
   *ተደጋሚ፡-*

4. ምሕረትካ ሰሚዔ መጺአ ኣለኹ፡
   ህይወት ክትህበኒ እናተመነኹ፡
   ኣብ እግሪ መስቀልካ ተደፊኤ፡

ብድንጋጽ ህይወተይ ንዓ ርአ።

<u>ተደጋሚ፡-</u>

5. ኣቱም እትጽዕሩን ጾር ዝኸበደኩምን፡
ናባይ ንዑ ኣነ ከዕርፈኩም፡
ዝበልካዮ ህያው ቃል ኣሚነ፡
መጺአ'ለኹ ሓጢኣተኛ ኮይነ።

<u>ተደጋሚ፡-</u>

# <u>መዝሙር እምነት 258 ይቕረ በለልና</u>

1. ዓይኒ ማይ ገዲፉ ጉድጓድ ክኹዕት፡
ብሃሩር ቀትሪ ከሕለሉ ብጽምኢ ክመውት፡
ፍጥረት ላዕሊ ታሕቲ ከዕለብጥ ብዙሕ ክህውትት፡
መን ኣሎ ዝረድእ ከማኻ ኣምላኽ ኣቦ ምሕረት።

<u>ተደጋሚ፡-</u> ይቕረ በለልና ወድኣዮ ንመከራና፡
ዘመን ሰላምን ዕረፍትን ምስጋናን፡
ጎይታ ስደደልና።

2. ኣብ ምድረ በዳ በረኻ ማና ዘዝነምካ፡

ከውሒ ሰንጢቕካ ዘርዌኻ ጽምኢ ህዝብኻ፡
ሎሚ’ውን ሰልጥን ተገለጽ ብሓያል ቅልጽምካ፡
ካብ ጥሜት ውግእ ፈራ ኣዕርፎ ህዝብኻ።

*ተደጋሚ፡-*

3. ንረሃብ ዝቖራረጽካ ንገበል ዝወጋእኻ፡
ናይ’ቲ ብርቱዕ መዓሙቕ ማያት ዓይኒ ዘንጸፍካ፡
ሎሚ’ውን ንማእሰር ግፍዒ ህዝብኻ ፍታሕ፡
ዎ ቕልጽም እግዚኣብሄር ንቓሕ ንቓሕ።

*ተደጋሚ፡-*

ዑ.ሃ